መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ?
(ዓስራይ ክፍሊ መደምደምታ)
ሓጎስ ወልዱ 18.02.2004

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣቐዲመ ክሳብ ሕጂ ተገዲስኩም ግዜኹም ኣጥፊእኩም ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤን & Co ክትፈልጡ ምግዳስኩም ብልቢ የመስግነኩም። ብዓቢኡ ክኣ እተን ንሸኻትኩምን ጸሓፍትን ኣብ ሓደ ማኣዲ ክንቕረብ ዕድል ዝሃባና web sites ብስመይ ኣመስጊነ ንኣመስገንቲ ክሕልፈን ይፈቱ።

ኩለን ሓቢረን ጽሑፋተይ ምዝርግሐን ክኣ ናይ ኩለን ቀራጽነት ይገልጽ። ከመይሲ ሓንቲ ወብሳይት ሕራይ ቢላ ካልኦት ኣንተ ዝኣብያ፡ እቲ ጽሑፋተይ እኺ ምተነበ ነቢሩ፡ ግና ካብ ኣሕዋታ ዝነውሐት መሻላስ ወይ ንወንጪፍ ወይ ንዑፍ ከም ዝብሃል ብዙሕ ዳርባ እምኒ ምተገብረላ ነቢሩ።

እዚ ጽሑፋተይ ንኣንባቢኡ ዘሕዝን፡ ንናይ ቅድሚ 26 ዓመታት ዝተቐብረ ታሪኽ ፍሒሩ ዝጽሕፍ ክኣ ፈጥፈጥ ዘብልን ዘባህርርን ምኺኑ ከረጋግጸልኩም ይደሊ። ግና ሕልሚ ፈሪሕና ከይደቀስና ክንሓድር ስለ ዘይኽእል፡ ጸገምና ክፍታሕ እንተ ኾይኑ ታሪኽና ክንገጥሞ እምበር ክንሃድመሉ ኣይግባእን። ኣናፍራ ቆቓሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን ከም ዝብሃል ክኣ፡ ንመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ክንብንቅሮ ሰራውሩ ኣበይ ምኺኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ።

እዚ ኩሉ ክሳራታት ስዉኣትና፡ ኣካለ-ስንኩላትና፡ ዘኽታማትና፡ ምሩኻትና፡ እሱራትና፡ መበለታትና፡ ሕማም ስነ-ኣእምሮ ዝሓዞም ሰባትና፡ ኣረገቶትና፡ ንብረትና ወዘተ.... ንከንቱ ኢዩ ድኻ ትብለና ዘሎኻ? ዝብሉ ኣይሳኣኑን።
ትርጉም ናይ ስዉእ፡ ንእምነቱ ወይ ኣራኣእያኡ ኣብ ግብሪ ከውዕል ብፍቓዱ ህይወቱ ኣብ ሓደጋን ሞትን ዘውድቕ ማለት ኢዩ።

ስለዚ ኣነ ንከንቱ ክገብርን ከይገብርን ሓይሊን ድልየትን ኣይብለይን። እቶም እዚ ኩሉ ክሰውን ዘገደዱን ብሓይሎምን ብፍቓዶምን ሕድሪ ዝጠለሙ ሰለይቲ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኢዮም።
ርእዩ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ርእዩ ማይ-ሓባር፡ ርእዩ ህዝብና ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ባሕሪን ኣብ ምድረ በዳ ሳሃራን ኣብ ዶባት ኤርትራን ገለ ብምጥላቕ ገለ ብኣጻምእ ገለ ብጥይት ሻዕቢያ ይጠፍእ ኣሎ። ደቂ ስዉኣት እውን መለመኒ ኮይኖም ኣለዉ።

እቶም ብብረት ብጾቶም ዝተቐትሉን፡ ኣንጻር ድልየቶም ኣብ ዓውደ ውግኣት ዝሞቱን ኣብ ውግእ-ሕድሕድ ዝጠፉእን ብዱላት (Victims) እምበር ስዉኣት ክንብሎም ጌጋ ኢዩ። ምኽንያቱ ብቐትለቶም ዝሕተቱ ሰባት ስለ ዘለዉ። እዚ ምስ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ወሪዱና ዘሎ መከራ ላም ሓዊ ወለደት፡ ከይትልሕሶ ነደደት ከይትገድፎ ወለደት፡ ኢዩ።

ኣነ መርገጸይ ንጹር ኢዩ።

ኤርትራ ነጻ ክትወጽእ ይድግፍ። ብጥርኑፍን ብዘይ ጥርኑፍን ኣገባብ ቃልሲታት ንኤርትራ ናጻ ንምውጻእ ዝተኸፍለ ሰብኣዊን ንዋታዊን መስዋእቲ ንከንቱ ከም ዘይኮነ ይኣምን። ክሳብ ናጽነት ኤርትራ ዝመጽእ ቃልስና ክቕጽል ከም ዘሎዎ ይኣምን። ካልኦት ጽሓፍቲ ንስዉኣትና ዘሞግስ ኣርእስቲ ኣልዒሎም ከሞግስዎም ክኣ ተስፋ ይገብር

ሰባት ምስ ስድርኦምን ኣዝማዶምን ወገኖምን ሃይማኖቶምን ኣውራጃኦምን ብግሁድ ትሓቿቖሮምን ኮሪዖምን እእጃሞም ዘበርክቱላን እእጃሞም ዝወስዱላን፡ ሰማያዊት ዝባንዴራኣ ሓንቲን እንኮን ኤርትራ ክትዕምብብ ድሌተይ ኢዩ።

ምስ ስድራኹምን ኣዝማድኩምን ወገንኩምን ሃይማኖትኩምን ኣውራጃኹምን ተባኢስኩም ንዓና ኣምልኹ፡ ዝብል ሥርዓት ዕሱባትን ቀናኣትን ከብቅዕን፡ ምትሕቝቛፍ ኣሕዋት ዘይውሓጠሎም ዕሱባት ሃገርና ክገድፉልና ድሌተይ ኢዩ።
እቲ ዘደንቕ ክኣ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤን ትሓድሶን ብዛዕባ ሓደጋ ናይ ምትሕቝቛፎ (ወገንነት)

ከምህሩና ምፍታኖም ኢዩ። ወጠጦስ ሓላዊ ጃርዲን ኢየ ይብለና ኣሎ።
መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤን ትሓድሶን፣ ሥዓትኩም ኣኺሉ ኢዩ፣ ቫሊጃኹም ኣልዕሉ።

ኤርትራ ምስ ሱዳንን ኢትዮጵያን ካልኦት ጎረባብታን ብሰላምን ምትሕቛቛፍን ክትነብር ትምኒተይ ኢዩ።

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቒ ? ዝብል ሕቶ ነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ ባዕሉ ክምልሶ ይገድፈሉ። ናተይ ኣረኣኣያ ግን ፈሊጥኩሞ ኣሎኹም።
ብዙሕ ዝጋለጽ ነገራት ኣሎኒ፣ ግና ንግዜኡ ግዜ ተዋሒዱኒ ኣሎ። ብካልእ እዋናዊ ጉዳያት ግና ጽሑፈይ ክቕጽል ኢየ።

ምስጋና፣ ንብዘይሕለል ጻዕርታቶም ንሓውና ሳሙኤል ዓንደብርሃን ካብ ኣፍ ሓርገጽ ሻዕቢያ ዘውጽእዎ ተቓለስቲ ሞገሰይ ይገልጽ። ሓውና ሳሙኤልን ብጾትካን እውን ንኣራኣእያኹም መስዋኣቲ ክትከፍሉ ቅሩባት ምኳንኩም፣ እታ ሽግ ናይ ቃልስና ከም ዘይጠፍኣት ኣረዲእኩምና ኢኹም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንጀጋኑና
ሰላምን ፍትሒን ጸጋን ክብረትን ንህሉዋት
ናጽነት ንኤርትራን ሰማያዊት ባንዴራናን

ሓጎስ ወልዱ

knzareb@gmx.de